*ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ*

*ፈጻሚ ኣካል*

جبهة الإنقاذ الوطني الإرترية

الهيئة التنفيذية

ERITREAN NATIONAL SALVATION FRONT

*Executive Committee*

*ensf.ex@gmail.com*

---

# *ቃል ሓዘን ብሞት ዓቢ ሃገራዊ ተቓላሳይ ሱለይማን ሙሳ ሓጅ !!*

*ዓቢ ሃገራዊ ተቓላሳይ ሱለይማን ሙሳ ሓጅ ፣ ብዕለት 15/07/2021፣ ብሕማም ምኽንያት ኣብ ከተማ ከረን ኣብ 84 ዕድመኡ ካብዛ ዓለም ብሞት ከም ዝተፈለየና ብምሕባር፣ ብስም ኩሎም ኣባላት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን ንገልጽ።*



*ነፍስሄር ሱለይማን ሙሳ ሓጅ መባእታውን ማእከላይን ትምህርቱ ኣብ ከተማ ከረን፣ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ከኣ ኣብ ከተማ ኣስመራ ወዲኡ። ካብኡ ቀጺሉ ኣብ ኢንስቲትዩት መሰልጠኒ መማህራን (TTI) ኣጠናቒቑ። ንውሱን ግዜ ከም መምህር ኮይኑ ድሕሪ ምግልጋል፣ ኣብ ምምሕዳር ንግዳዊ ንጥፈታት ስድራ ቤቱ ተዋፊረ።*

*ነስፍሄር ሱለይማን ሙሳ ሓጅ፣ ሃገራዊ ንቕሓቱ ዓቢ ብምንባሩ ኣንጊሁ ኣብ ቃልሲ ተሳተፈ። ኣቐዲሙ ኣብ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ - ሓረካ (ብማሕበር ሸውዓተ ዝፍለጥ) ተጸንቢሩ፣ ድሒሩ ኣብ 1967 ከኣ ሃገራዊ ግቡኡ ንምፍጻም፣ ኣብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ተሰለፈ። ኣብ ዝተፈላለየ መዳያት ቃልሲ ድማ ሃገራዊ ግቡኡ ከብ'ቶም ዝፈጸሙ ሓርበኛታት ኤርትራ ኢዩ። ኣብ ጥቅምቲ 1971 ዝተኻየደ ቀዳማይ ሃገራዊ ጉባኤ ተሓኤ ኣባል ፈጻሚ ሸማግለን ሓላፊ ስንቂን (ኢምዳድ) ኮይኑ ተመርጸ። ቀጺሉ ኣብቲ ብ1975 ዝተኻየደ ካልኣይ ሃገራዊ ጉባኤ ተሓኤ ኣባል ሰውራዊ ባይቶ ኮይኑ ተመርጸ። ኣብ ዝተመደበሉ ዝተፈላለየ ጽፍሕታት ቃልሲ ሃገራውን ውድባውን ግቡኣቱ ዝፈጸመ ጽኑዕ ተቓላሳይ ኢዩ።*

*መቓልስቱ መተዓቢቱን ከም ዝምስክርዎ፣ ሓርበኛ ሱለይማን ሙሳ ሓጅ ሙቕሉልን ትሕትና ዝመልኦን ተባዕ ተቓለሳይ ኣብ ርእሲ ምንባሩ፣ ራኣዩኒ ስምዑኒ ብዘይብሉ ንቡዙሓት ሓገዛት ዘበርከተ ሰብ ኢዩ። ብሞት ሓርበኛ ሱለይማን ሙሳ ሓጅ፣ ብስም ኩሎም ኣባላት ግሃድኤ ደጊምና ዝተሰማዓንና መሪር ሓዘን ብምግላጽ፣ ንምሉኣት ቤተ ሰቡን፣ ንኩሎም ብጾቱን ፈተውቱን ጽንዓት ይሃብኩም ንብል። ንነፍስሄር ሱለይማን ድማ ልዑል ፈጣሪ ኢዱ ዘርጊሑ ኣብ ሰፊሕ ገነቱ ይቀበሎ።*

*ፈጻሚ ኣካል ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ*
*16/07/2021*